# መምርሒታት 2023-2025

## Waste-Free Communities Matching Grant
## (ተዛማዲ ሓገዝ ንማሕበረሰባት ነጻ ካብ ጎሓፍ)

Seattle Public Utilities








## ንመወዳእታ እተመልክቱላ መዓልቲ ፡ 24 መጋቢት ሰዓት 5:00 ድ.ቐ. እዩ

Seattle Public Utilities (SPU) (ህዝባዊ ተጠቃምነት ማይ፡ መብራህቲ...ወዘተ ሲያትል) ድማ ንምዝማድ ሓገዝ ኣብ ምውጋድ ጎሓፍ ዘተኮሩ ናይ ማሕበረሰብ ፕሮጀክትታት ኣብዚ ሕጂ እዋን መመልከቲ ይቕበል ኣሎ። ምውጋድ ጎሓፍ ማለት ዝወሓደ ጎሓፍ ምፍጣር ማለት ኢዩ በዚ ድማ መታን ዝወሓዱ ነገራት ዳግማይ ክምስርሑ፡ ንድኾዒ፡ ከምኡ'ውን ምድሙድ ጎዱፍ ክኾኑ እዩ። ጎሓፍ ኣብ እነውግደሉ ንኣከባቢና ንሕግዝ፡ ጥዕና ህዝቢ ንከላኸል፡ ማሕበረሰብ ንሃንጽ ከምኡ`ውን ገንዘብ ንቑጥብ።

### ዕላማታት ፕሮግራም ሓገዝ፥

- ምድጋፍ መሪሕነት ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን ንምውጋድ ጎሓፍ ዝምልከት ምህዞ
- ኣብ ዕድላትን ጥቅምታትን ምክልካል ጎሓፍ ናይቲ ሕብረተሰብ ፍትሓዊ ተጠቃሚነት የዕቢ
- ሃፍቲ ተፈጥሮ ብምሕላዉን ብክለት ግሪን ሃዉስ ጋዝን ካልኦት በከልትን ብምቅናስን ንከባቢን ንጥዕና ሕብረተሰብን ምሕላዉ
- ምጉዳል መጠን ዝጉሓፉ ነገራት ኣብ ሲያትል

### ናይ ምወላ ሓፈሻዊ ስእሊ

- ነዚ ናይ ሓገዝ ዑድት ንምሽላም፡ ጠቕላላ ናይ $200,000 ምወላ ኣሎ።
- ጠለባት ሓገዝ ካብ $3,000 ክሳብ $40,000 ክኾኑ ይኽእሉ። SPU ካብቲ ዝተሓተቶ ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ ኪህብ ይክእል።
- ናይ 25% ናይ ተዛማድነት ጠለብ ኣሎ። ንኣብነት፡ $40,000 ሓገዝ ገንዘብ + $10,000 ምዝማድ = $50,000 ጠቕላላ ናይ ባጀት ፕሮጀክት ይኸውን።
- ዝውሃብ ገንዘብ ብመልክዕ ካሕሳ ኢዩ ዝኽፈል። ወሰድቲ ሽልማት ነቲ ፕሮጀክት ንምጅማር ዚወጽእ ወጻኢታት ንምድጋፍ ክሳዕ 10% እቲ ጠቕላላ ዝውሃብ ሽልማት ኣቐዲሞም ኪሓትቱ ይኽእሉ እዮም።
- ፕሮጀክትታት ቅድሚ ሓምለ 2023 ክጅምሩ ይክእሉ እዮም። ሓገዛት ገንዘብ ግድን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ኣለዎም ከምኡውን ካብ ሰነ 30, 2025 ኣብ ዘይሓልፍ ግዜ ቅብሊት ወይ ፋክቱር ክግበረሎም ኣለዎ።

## ብዛዕባ ምውጋድ ጎሓፍ

ዳግም ምምስራሕ ከምኡውን ድኾዒ ጽቡቕ እዩ። ግን ካብ መጀመርትኡ ጎሓፍ ዘይምፍጣር ከኣ ካብኦም ዝበልጽ ኢዩ!

እንገዝኦ ወይ እንጥቀመሉ ዝኮነ ይኩን ነገር ንኡኡን ንመትሓዚኡን ንምስራሕ፣ ንምጉዕዓዝ፣ ንምጥቃም ከምኡ እዉን መሊስካ ኣብ ጥቅሚ ንምዉዓል፣ ንምብስባሱ ወይ ኣብ መሬት ቀቢርካ ድኾዒንምግባር ሃላኺ ጸጋታት ይሓትት እዩ። ኩሉ እዚ ድማ ኣብቲ እነስተንፍሶ ኣየር፡ ንሰትዮ ማይ ከምኡ'ውን ኣብቲ መግብና እነብቁለሉ ሓመድ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ።

**ጎሓፍ ከነወግድ ንኽእል ኢና፡ እዚ ድማ ብ፤**

- ምግዛእን ውሑድ ብምጥቃምን
- ንዝነውሐ ግዜ ዝጸንሑ ፍርያት ብምስራሕን ብምግዛእን
- ዝወሓደ መዐሸጊ ብምጥቃም
- ምጽጋን፣ መሊስካ ምጥቃምን ኣብ ጥቅሚ ዝወዓለ ደጊምካ ምግዛእን ምምራጽ
- ነገራት ብምክፋል፡ ብምልጋስ ወይ ዳግማይ ብምሻጥ፡ እዚ ድማ መታን ካልኦት ዳግማይ ክጥቀምሉሎም
- መግቢ ከምኡ'ውን ጉሓፍ ሳዕርን ኣታኽልትን ኣብቲ ዘለውዎ ቦታ ብምምስራሕን ብምጥቃምን

**ንምውጋድ ጎሓፍ፡ ስጉምቲ ብምውሳድ ድማ ንሕና፡**

- ዝወሓደ ብምግዛእን ብምጥቃምን ገንዘብ ንቑጥብ
- ብምልጋስን ብምክፋልን ድማ ንሕብረተሰብና ምርዳእ
- ንጥዕና ሰብ ከምኡ'ውን እንስሳ ዘገዳምን ዝጎድእ ብከላ ኣየርን ማይን ነጉድል
- ባህርያውያን ጸጋታት፡ ከም ማይ፡ ጸዓት፡ መሬት ከምኡ'ውን ነዳዲ ንዕቅብ
- ምልቃቕ እቶም ለውጢ ክሊማ ዘስዕቡ ናይ ግሪን ሃውዝ ጋዛት ነጉድል

ሕቶታት ኣለውኹም ዶ? ን Veronica Fincher ብ WasteFreeGrants@seattle.gov ወይ (206) 615-1405 ርከባ።

www.seattle.gov/utilities/wastefreegrants

## ጠለባት እቲ ፕሮጀክትታት

እቶም ፕሮጀክትታት ብቁዓት ንምኳን ንኩሎም እዞም ዝስዕቡ ጠለባት ከማልኡ ኣለዎም።

1. **ንጥፈታት ድማ <u>ጉሓፍ ምክልካል ከዕብዩ ኣለዎም።</u>**

   ኣብነታት ብቑዓት ፕሮጀክትታት ድማ ነዞም ዝስዕቡ የማልኡ፦
   - ሓገዚ ዘድልዮም ማእከላት ኣብ ዝነብርሎም ትካላት ብድጋመ ኣብ ጥቅሚ ዝዉዕሉ ናይ ምግቢ መትሓዚታት ምጅማር
   - ኣብ መንገ ለገስቲ ምግብን ናይ ጥምየት ረድኤት ዉድባትን ዘሎ ምርድዳእ ንምምሕያሽ ድማ ምፍታን ሜላታት
   - መሊሶም ኣብ ጥቅሚ ክዉዕሉ ዝክእሉ ናይ ሒዝካ ዝውሰዱ መትሐዚታት ስርዓት ምዝርጋሕ
   - ናይ ኣቁሑ መደብራት ምክፋት ወይ ምስፍሕፋሕ
   - ኣብ ከም ናይ ተምሃሮ መንበሪ ዝኣመሰሉ ናይ ሓባር መንበሪ ቦታታት ናይ ምግቢ ብክነት ንምክልካል ሜላታት ምፍታን
   - ብኽነት ንምክልካል ዘለዉ ካልኦት በላሕቲ ሓሳባት!

   እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ንውሳድ ምወላ ብቑዓት <u>ኣይኮኑን፡</u>
   - ሐጂ ብዘለዉዎ ብክነት ናይ ምክልካል ደረጃ ንጥፈታት ንምዕቃብ ድማ ቀጻሊ ዘሎ ናይ ስራሕ መካየዲ ወጻኢታት
   - ዳግም ምምስራሕ
   - ካብቲ ቦታ ወጻኢ ምብስባስ (ድዥዒ) (ዝተመስረሐ ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ)
   - ምጥቃም ዳግማይ ክምስራሕ ዝኽእል ወይ ዝብስብስ (ድዥዒ) ፍርያት
   - ጉሓፍ ናይ ምጽራይ ንጥፈታት
   - ምክፋል ምጉዓዝ ብሽክለታ ከምኡ'ውን ምክፋል ምጉዓዝ መኪና

2. **ንጥፈታት ግድን ኣብ ውሽጢ <u>ደረታት ከተማ ሲያትል</u> ክትግበሩ ኣለዎም ወይ ኣብ ናይ ሲያትል ጎሓፍ ድማ ቀጥታዊ ዝኾነ ጽልዋ ክህልዎም ኣለዎ።**

   እቲ ፕሮጀክት ምስ ናይ ሲያትል ዋሕዚ ጉሓፍ ጠንካራ ርክብ ብንጹር ክሳብ ዘርኢ ፡ ኣመልከትቲ ካብ ሲያትል ወጻኢ ክኮኑ ይክእሉ እዮም።

   ካርታ ደረታት ከተማ ሲያትል ረአ፡ http://clerk.ci.seattle.wa.us/~public/nmaps/fullcity.htm

3. **ንጥፈታት ካብዞም ዝስዕቡ ቀዳምነታት ሓደ ወይ ልዕሊኡ ከሰጉሙ ኣለዎም**

   A) **ምህዞ፡** ሓደሽቲ ሜላታት ወይ ቴክኖሎጂታት ምፍታን ወይ ምስፍሕፋሕ ወይ ናብ ሲያትል ሓደሽቲ ናይ ጉሓፍ መከላከሊ ዕድላት ምምጻእ።

   <u>ኣብነታት ናይ ዝሓለፉ ፕሮጀክታት፡</u>
   - ነጻ ተንቀሳቃሲ ናይ ሕብረተሰብ መደብር መሸጣ ምጅማር
   - ንምጥቃም ዳግማይ ኣብ ሓድሽ ጥቕሚ ምህናጽ ዝውዕል ሉሕ/ዕንጸይቲ ኣብ ናይ ዋኒን ጉዳይ ኣርእይ

   B) **ፍትሓዊ ተበጻሕነትን ተሳትፎን ኣስፋሕፍሕ፡** ኣብ ተግባራት ምክልካል ብኽነት ምስ ብታሪኽን ኣብ ሕጅን ናይ ዝተገለሉ ሕብረተሰባት ብንቅሓት ምስታፍ። ቀዳምነት ናይ ዝወሃቦም ሕብረተሰባት ኣብነት፦ ናይ ሃገር ተወለድቲ፣ ኣፍሪካ ኣሜሪካዉያን፣ ስድተኛታት፣ ጽግዕተኛታት፣ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም፣ ኣካለ ስንኩላት፣ LGBTQIA2+ (ተመሳሳሊ ጾታ ርክብ ዝፍጽሙ...)፣ ሽማግለታት፣ ኣባዕሕ፣ መናእሰይ፣ ቆልዑን/ ወይ ኣናእሽተይ ንግድታት።

   <u>ኣብነታት ናይ ዝሓለፉ ፕሮጀክታት፡</u>
   - ኣብ ጉዳያት ጽገና ማሕበረሰብ ሽማግለታት ንክሳተፉ ቁጻር
   - ኣናእሽተይ ንግዲታት ብኽነት ንክከላኸሉ ንምሕጋዝ ናዉቲ ምቅራብ

   C) **ፍትሓዊ ዝኮነ ናይ ሕብረተሰብ ጥቕምታት ምዉሳኽ፦** ኣብ ታሪኽን ኣብ ሕጅን ንዝተገለሉ ሕብረተሰባት ናይ ጎሓፍ ምክልካል ጥቅምታት ምዉሳኽ፦ ንኣብነት ገዛ ንዘይብሎም ወይ ናይ ምግቢ ሽግር ንዘለዎም ሰባት ብነጻ ወይ ብንእሽተይ ዋጋ ናዉቲታት ወይ ናይ ስራሕ ስልጠና ዕድላት ምዉሳኽ።

   <u>ኣብነታት ናይ ዝሓለፉ ፕሮጀክታት፡</u>
   - ስደተኛታትን ዑቕባ ዘለወን ደቀንስትዮ ንክሰርሓን ከምኡ'ውን ካብ ጎሓፍ ዓለባ ድማ ኣብ ገዛ ዝሰርሑ ፍርያት ክሸጣ ሙቕጻር
   - ተኻረይቲ ካብ ገዝኦም ክለቑ ከለዉ ዝገደፍዎም ዘይባላሸዉ መግብታት ብምእካብ፡ ንናይቲ ከባቢ ባንክ መግቢ ምልጋስ

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተጠቀሱ ጠለባት ብተወሳኺ እቶም **ቀንዲ ተወዳደርቲ** ዝኮኑ ኣመልከትቲ እዚ ክህልዎም እዩ፡

- እቲ ናይ ረድኤት ፕሮጀክት ድማ ክፈትሖ ዝክእል ብግልጺ ዝተቐመጠ ብድሆ ወይ ሕቶ
- ኣብ ግዜ እቲ ናይ ረድኤት ፕሮጀክት ወይ ብድሕሪኡ ዝኮኑ ይኹን ዝማዕበለ ናይ መጽናዕቲ ምኽሪታት ወይ መሳርሒታት ንምጥቃም ዘኽእል መደብ
- እቲ ረድኤት ምስተወደአ ነቲ ፕሮጀክት ንምቅጻል፣ ንምስፍሕፋሕ ወይ ን ቀጸልቲ ደረጃታት ብገንዘብ ንምሕጋዝ ዘክእል መደብ
- ኪኖ ሓደ ዉድብ ወይ ትካል ዘሎ ጽልዋ። ንኣብነት፦ ናይቲ ናይ ረድኤት ፕሮጀክት ተበጻሕነት ንምስፍሕፋሕ ምስ ካልኦት ምሽራክ፣ ኣብቲ ፕሮጀክት ነቲ ሕብረተሰብ ምስታፍ ወይ ካልኦት ኣብ ሲያትል ዘለዉ ተመሳሳሊ ናይ ጉሓፍ ምክልካል ጻዕሪ ንክትግብሩ ንምሕጋዝ ኣብቲ ፕሮጀክት ዝተረከበ ፍልጠት ምክፋል።

## መን ከመልክት ኣለዎ

SPU ካብ'ዞም ዝስዕቡ ኣመልከትቲ የተባብዕ፥

- ትካላት ንግዲ
- መኸሰብ ዘይድልቡ ውድባት
- ናይ ማሕበረሰብ ወይ ኣከባቢ ጉጅለታት
- ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኮለጃት ከምኡ'ውን ዩኒቨርስታት
- ትካላት (ከም ክንክን ጥዕና ወይ ኣባይቲ)
- እምነት ዝመሰረቶም ውድባት
- ፕሮግራማት መንእሰያትን ቆልዑን

ኣመልከትቲ ካብ ሓደ ንላዕሊ መመልከቲ ከእትዉ ይክእሉ እዮም፡ ይኹን እንበር ካብ ሓደ ናይ ረድኤት ዑደት ድማ ሓደ ረድኤት ንምዉሳድ ጥራይ እዮም ብቁዓት ዝኮኑ።

ኩሎም ኣመልከትቲ ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ከምኡ'ውን ናይ ከተማ ሲያትል ግድን ፍቓድ ዋኒን ክህልዎም ኣለዎ፡ እዚ ድማ እንድሕር ሓገዝ ገንዘብ ክቕበሉ ኮይኖም ወይ ብመገዲ እቶም ዝጥለቡ ፍቓድ ዋኒናት ዘለዎ ፊስካዊ ወኪል ክሰርሑ ኣለዎም። ሓደ ናይ ገንዘብ ተወካሊ ንሓደ ፕሮጀክት ዝኸውን ናይ ሓገዝ ገንዘብ ንምቅባልን ንምምሕዳርን ሓላፍነት ይወስድ።

**ሓበሬታ ፍቓድ ንግዲ ከተማ ሲያትል፡** https://www.seattle.gov/office-of-economic-development/small-business/food-businesses/licensing
**ሓበሬታ ፍቓድ ንግዲ ክፍለሃገር ዋሽንግተን፦** https://dor.wa.gov/

### ዳግማይ ምምልካት

ኣመልከትቲ፡ ንሓገዝ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዑደት ምወላ፥ ዳግማይ ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም፡

- ንሓገዝ ገንዘብ ዘይረኸበ ፕሮጀክት፡ ዳግማይ ብምምልካት። ነቲ ዝቕጽል ዑደት ምወላ ብኸመይ መመልከቲኹም ኣመሓይሽኩም ክትቀርቡ ከምዘለኩም ንምፍላጥ ክትረኽቡና ንምሕጸነኩም።
- ሓድሽ ናይ ፕሮጀክት ሓሳብ ሒዝካ ምምልካት።
- ንዝነበረ ፕሮጀክት ንምስፍሑ ወይ ነቲ ዝቕጽል ደረጃ ንምትግባሩ ኢልካ ምምልካት። እቲ መመልከቲ ግድን ወሰኽ ምውጋድ ጉሓፍ ከርኢ ኣለዎ። ናይ ረድኤት ገንዘባት ብናይ ሕጂ ጉሓፍ ናይ ምክልካል ደረጃ ፕሮጀክት ንምቅጻል ዘይክጠቅሙ ይክእሉ።

## ምወላ ከምኡ'ውን ናይ ምዝማድ ጠለባት

**ምወላ፥**

- ነዚ ናይ ሓገዝ ዑድት ንምሽላም፡ ጠቕላላ ናይ $200,000 ምወላ ኣሎ።
- ጠለባት ሓገዝ ካብ $3,000 ክሳብ $40,000 ክኾኑ ይኽእሉ። SPU ካብቲ ዝተሓተቶ ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ ኪህብ ይክእል።
- ሓገዛት ገንዘብ ግድን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ኣለዎም ከምኡ`ውን ካብ ሰነ 30, 2025 ኣብ ዘይሓልፍ ቅብሊት ወይ ፋክቱር ክግበረሎም ኣለዎ።

**ዝፍቀዱ ወጻኢታት**

እዞም ዝስዕቡ ንሓገዝ ገንዘብ ብቁዓት ክኮኑ ናይ ዝክእሉ ወጻኢታት ኣብነታት እዮም፦

- ነቲ ናይ ረድኤት ፕሮጀክት ዝተመደበ ናይ ሰራሕተኛታት ግዜ (ካልእ ብላዕሊ ዝመጽእ ወጻኢታት ከማልእ ይክእል)
- ንፕሮጀክት ተሰትሮ ዝኮኑ ኣበላትን ካልኦት መበረታትዒታትን

- ናይ ፕሮጀክት ናዉቲታት፣ ኣቁሑትን መሳርሕታትን
- ኣገልግሎታት ከም ምስቱርጓም፡ ምሕታም ከምኡ`ውን ምንዳፍ
- ንንጥፈታት ፕሮጀክት ዝከዉን ናይ ክራይ ቦታ
- ንንጥፈታት ፕሮጀክት ዝኸውን መግብን መስተን ፧ኣልኮላውያን መስተ ኣየጠቓልን
- ንንጥፈታት ፕሮጀክት ዝከዉን ናይ ጉዕዞ ርሕቀትን ጠጠዉ መበሊ መኪናን(ብናይ ፌደራል ናይ ጉዕዞ ርሕቀት መጠን ዝወጸሉ)
- ክፍሊታት ፊስካዊ ወኪል (ክሳብ 10% ናይቲ ጠለብ ሓገዝ)

### ጠለባት ናይ ምዝማድ፥

አመልከትቲ ድማ ኣብ ብረድኤት ዝድገፉ ናይ ፕሮጀክትታት ወጻኢታት ክካፈሉ ኣለዎም።

- እቲ ተዛማዲ መጠን ናይ ረድኤት እንተንኢሱ 25% ክከዉን ኣለዎ።
  ንኣብነት፡ $40,000 ዝተጠልበ ሓገዝ + $10,000 ተዛማዲ = $50,000 ጠቕላላ ባጀት ናይ ፕሮጀክት።.
- ናይ ምዝማድ ኣበርክቶታት ነቲ ናይ ረድኤት ፕሮጀክት ፍሉይ ክከዉን ኣለዎ። እዚ ናይቲ ፕሮጀክት ዝተወሰነ ክፋል ንምድጋፍ ዝጠቅም ጥረ ገንዘብ ወይ ካልኦት ናይ ረድኤት ገንዘብ ከምኡ እዉን ናይ ረድኤት ፕሮጀክትታት ከጠቓልል ይኽእል እዩ፡ እዚ ድማ ከም ናይ ወለንታዊያን ሰዓት፣ ቦታ፣ ኣገልግሎታትን ቀረባትን ዝበሉ ዝውሃቡ ፕሮጀክት ናይ ረድኤታት ዝድግፉ ክኾኑ ይክእሉ።
- ዘይክፈሎ ናይ ወለንታዊያን ሰዓታት ከኣ ብ $34.87 ንሰዓት ብመሰረት ናይ ዋሽንግተን ግዝኣት ናይ ግላዊ ሴክተር ናይ ወለንታዊ ኣገልገልቲ ሰዓት እዩ ዝግመት።
- ጸጋታት ከተማ ሲያትል ከም ግዜ ሰራሕተኛታት ከተማ፡ ተጠቃምነት መሳለጥያታት ከተማ ከምኡ'ውን/ወይ ካልእ ምውላ ከተማ ከም ኣካል ናይት'ቲ ተዛማዲ ክቑጸር ኣይክእልን ኢዩ።

## ምውዕዓል ከምኡ`ውን ክፍሊት

### በጀት ወኪላት፥

ኣመልከትቲ ብመገዲ ሓላፍነት ናይቲ ፕሮጀክትኻ ሓገዝ ገንዘብ ዝቕበልን ዘመሓድርን ናይ በጀት ወኪል ክሰርሑ ክመርጹ ይኽእሉ ኢዮም። ኣመልከትቲ ናቶም ናይ በጀት ወኪል ከምኡ'ውን እቲ ፊስካዊ ወኪል ህሉው ናይ ክፍለ-ሃገር ዋሽንግተን ከምኡ`ውን ናይ ከተማ ሲያትል ፍቓድ ዋኒናት ከምዘለዎ ከለልዩን ከረጋግጹን ሓላፍነቶም ኢዩ። ፊስካውያንናይ በጀት ወኪላት ክሳብ 10% ናይቲ ጠለብ ሓገዝ ከኽፍሉ ይኽእሉ ኢዮም። ኣመልከትቲ ነዚ ክፍሊት ኣብቲ ጠለብ ሓገዝ ከጠቓልልዎ ይኽእሉ ኢዮም ወይ ድማ ኣብ ተዛማዲ ኣበርክቶ ከጥቀሙሉ ይኽእሉ።

### ምውዕዓል፥

ነፍሲ-ወከፍ ተቀባሊ ድጋፍ ወይ ናይ ገንዘብ ተወካሊኡ ናይ W9 ቅጥዒ ከእትው ኣለዎ ከምኡድማ ናይ ዝውሃብ ገንዘብ ንምቅባል ምስ SPU ስምምዕነት ክፍርሙ ኣለዎም። እቲ ስምምዕ ተወሰኽቲ ውዕላት ከምኡ'ውን ኩነታትን ናይቲ ሓገዝ ከጠቓልል ኢዩ።

እቲ ሓገዝ ምስታ ከተማ ዝግበር ስምምዕ ድሕሪ ምፍርራም ጥራይ እዩ ንዝግበሩ ንጥፈታት እቲ ፕሮጅከት ኢዩ ዝክሕስ።

### ጠለባት መድሕን፥

ድጋፍ ወሰድቲ ወይ ናይ ገንዘብ ወከልቶም ብግዝኣት ዋሽንግተን ሕጊ ካብ ዝሓቶ ዘይነኣሰ ብዓላማን ብባህርን ምስቲ ዝድገፍ ፕሮጀክት ንዝሰርሑ ንግዲታት ተመሳሳሊ ናይ መድሕን ደረጃታት ክሕልዉ ኣለዎም። ብተወሳኺ፡ ናይ ሰራሕተኛታት መድሕን ካሕሳ'ውን ብሕጊ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ይጥለብ እንተኾይኑ ክዕቀብ ኣለዎ።

### ክፍሊት፥

ዝውሃብ ገንዘብ ብመልክዕ ዝሓዊ ክፍሊት ኢዩ ዝኽፈል። ተቀበልቲ ረድኤት ኣብቲ ናይ ረድኤት ስምምዕ ዉሽጢ ዝተገለጹ ፍሉያት ተግባራት ምስተወድኡ ወይ ኣብ ትክክለኛ ወጻኢታት ምርኩስ ብምግባር ቅብሊት የቕርቡ። SPU ድማ ንቸካት ካሕሳ 30 መዓልታት ድሕሪ ምቕባል ነፍስ-ወከፍ ቅብሊት ብደብዳቤ ክሰዶም ኢዩ ። እንድሕር ፋክቱራት ዘይተማሊኦም ወይ ዝጥለቡ ጸብጻባት ከምኡ`ውን ሰነዳት ክፍሊት እንተጉዲሎም ክደናጎይ ኢዩ።

<u>ተቀበልቲ ረድኤት ናይ ፕሮጀክት መጀመሪ ወጻኢታት ንምድጋፍ ክሳብ 10% ዝኸውን ናይቲ ድጋፍ ገንዘብ ኣቀዲሞም ክሓቱ ይክእሉ እዮም ።</u> እቲ ጠለብ ድማ እቲ ኣቀዲሙ ዝልቀቅ ገንዘብ ኣድላይነቱን ብከመይ ኣብ ጥቅሚ ከምዝዉዕልን ብግልጺ ክገልጽ ኣለዎ። እቲ ተቀባሊ ረድኤት ነቲ ዝተረፈ ናይ ረድኤት ገንዘብ ሓገዝ ንክወሃቡ ቅድሚ ምፍቃዱ ናይ ገንዘብ ኣጠቃቅማ ክቐርብን ብ SPU ድማ ክረጋገጽን ኣለዎ። እቲ ረድኤት ተቀባሊ እኹል ዝኮነ መረጋገጺ ሰነድ እንተዘይኣቅሪቡ SPU ዝተወሰነ ወይ ኩሉ ዝቐደመ ገንዘብ ንክምለስ ክንሓትት ኢና።።

**ጸብጻብ ምሃብ**

SPU ድማ ናይ ፕሮጀክት ንጥፈታት፣ ዉጽኢታት፣ ብድሆታት፣ ዓወታትን ዝተምሃርዎ ትምህርትን ንምስናድ ድልዉ ዝኮነ ናይ ጸብጻብ ንድፊ ንምድላዉ ምስ ነፍሲ-ወከፍ ተቀባሊ ረድኤት ክሰርሕ እዩ። ተቀበልቲ ረድኤት ጸብጻባት ፕሪንት ገይሮም ወይ ብመልክዕ ቪድዮ ንምቅራብ ወይ ንሰራሕተኛታት SPU ናይ ቃል ጸብጻብ ምቅራብ ክመርጹ ይክእሉ።

ጽብጻባት ምስ ነፍሲ-ወከፍ ቅብሊት ክቀርብ ኣለዎ ከምኡ እዉን እቲ ናይ ረድኤት ክፍሊት ቅድሚ ምቅባሉ ናይ መጨረሻ ጸብጻብ ክቀርብ ኣለዎ። ነቲ ናይ መጨረሻ ጸብጻብ ንምግምጋምን ሕቶታት ግልጺ ንክኮኑ ንምሕታትን SPU ምስ ነፍሲ-ወከፍ ተቀበልቲ ረድኤት ኣኼባ ንኽገብር ክሓትት ይክእል ኢዩ።

## ምግምጋም መመልከቲ

**ገምጋሚት ኮሚተ፥**

እታ ገምጋሚት ኮሚተ ንናይ ሓገዝ ብኣባላት ማሕበረሰብ ከምኡ`ውን ብዝተፈላለየ ድሕረ ባይታን ሞያን ዘለዎም ሰራሕተኛታት ከተማ ሲያትል ዝቖመት ኢያ። መሪሕነት SPU እቲ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ምወላ ኣብ ዝህበሉ፡ ንናይ ገምጋሚት ኮሚተ ሓገዝ ምሕጽንታታት ኣብ ግምት ከእቱ ኢዩ።

**መለክዒታት ገምጋም፥**

እታ ገምጋሚት ኮሚተ ናይ ሓገዝ፡ ብመሰረት ኣብ ታሕቲ ዝርከቡ መለክዒታት ንፕሮጀክታት ቀዳምነት ክትህብ ኢያ። SPU ድማ ቡዙሕነት ጂዮግራፊካዊ ቦታታት፡ ዝጽለዉ ማሕበረሰብ ከምኡ`ውን ዓይነታት ፕሮጀክት ኣብ ግምት ከእቱ ኢዩ። SPU ቅድሚ እቲ ናይ ምምዋል ውሳኔ ምሃቡ ነቶም ኣመልከትቲ ተወሰኽቲ ሕቶታት ከቕርብ ይኽእል ኢዩ።

1. **ውጽኢታት ምውጋድ ጎሓፍ፥** ናይ ፕሮጀክት ጉሓፍ ናይ ምክልኻል ዓቅሚ።
    - እቲ ፕሮጀክት ንSPU ብጣዕሚ ቀዳምነት ዝወሃቦም ብኽነት ናይ ኣቁሑታት ይከላከል እዩ፡ **(**ናይ ሕጂ ቀዳምነት ዝወሃቦም፦ ምግቢ፣ ጨርቃ ጨርቂ፣ ንጽል ጥቅሚ ዘለዎም መሳርሕታት፣ ናይ ህንጻ መሳርሒታት፣ ናይ ገዛ ኣቁሑን ንብረታትን**)**
    - እብ እዋን ረድኤት ናይ ፕሮጀክት፡ ንቀጻሊን፡ ከምኡ እዉን ኣብ ተዛመድቲ ከባቢያዊን ናይ ጥዕና ተጽዕኖታት ናይቲ ፕሮጀክት ጉሓፍ ናይ ምክልካል ዓቕሚ
    - እቲ ፕሮጀክት ዉጽኢታዊ ብዝኮነ መንገዲ ክበጽሖም ዝክእል በዝሒ ናይ ሰባት
    - እቲ ፕሮጀክት ኣብ ዉሽጢ ሲያትል ናይ ጉሓፍ መከላከሊ ነገራት ንምስፍሕፋሕን/ወይ ካልኦት ኣብ ጥቅሚ ክዉዕሉ ዝክእል ቁልፊ ብድሆ ንምፍታሕ ወይ ሓዱሽ ፍልጠት ንምርካብ ይደሊ ኣሎ።

2. **ናይቲ ፕሮጀክት ዓቅሚ፦** ናይቲ ፕሮጀክት ናይ ምዕዋት ተኽእሎ ብዓቅሚ መሰረት
    - እቲ ፕሮጀክት ዕዉት ንክኾን እኹላት ሰራሕተኛታት፣ መሻርክቲ፣ ወለንታዊ ሰባትን ናይ ገንዘብ ጸትታትን ኣለዎ እዩ።
    - ናይቲ ፕሮጀክት ሰራሕተኛታት፡ ወለንተኛታትን መሻርኽትን ኣድላዪ ዝኮነ ፍልጠት፣ ክእለታት፣ ልምዲን ርክብን ኣለዎም እዩ።
    - ኣድለይቲ ምስ ዝኾኑ፡ ዝሽርክነታት ድሮ ውሑሳት ኢዮም

3. **ናይ ፕሮጀክት በጀት፦** ብዝተነደፈ በጀት መሰረት ናይ ፕሮጀክት ናይ ምስካዕ ዓቅሚ
    - በጀት ምስ ናይ ፕሮጀክት እማመ ዝስማዕማዕ እዩ
    - ግምት ባጀት ቅኑዕ ኢዩ
    - ወጻኢታት ነቲ ረድኤት ዝስማዕምዑ እዮም
    - ነቶም ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት ዝተጠልበ መጠን ምኽንያታዊ ኢዩ

4. **ቀዳምነታት** ፕሮጀክትታት ድማ ካብዞም ዝስዕቡ ቀዳምነት ዝወሃቦም ንሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ከቖድሙ ኣለዎም።

    **A) ምህዞ፥** ናይ ሓደ ፕሮጀክት ኣጠቓቕማ ሓደሽቲ ኣገባባት ወይ ቴክኖሎጂታት።
    - እቲ ፕሮጀክት ንከባቢ ሲያትል ዘሕድስ ኢዩ
    - እቲ ፕሮጀክት ኣብ ሲያትል ዓብዪ ጽልዋ ንምፍጣር ናይ ምስፍሕፋሕ ዓቅሚ ኣለዎ
    - እቲ ፕሮጀክት ካልኦት ኣብ ሲያትል ዉሽጢ ዘለዉ ተመሳሳሊ ናይ ጉሓፍ መከላከሊ ስራሕቲ ተግባራዊ ንምግባር ዝሕግዙ ናዉቲ፣ ኣቅርቦታትን ዝተረከበ ፍልጠትን የካፍል

**B)** ፍትሓዊ ተበጻሕነትን ተሳትፎን ኣስፋሕፍሕ፡ ብታሪኽን ኣብዚ ሐዚ እዋንን ዝተገለሉ ሕብረተሰባት ኣብ ተግባራት ምክልካል ጉሓፍ ዉሽጢ ዉጽኢታዊ ብዝኮነ መገዲ ንምስታፍ ናይቲ ፕሮጀክት ዓቕሚ።

- እቲ ፕሮጀክት ደቂ ሃገር፣ ኣፍሪካ ኣሜሪካዉያ፣ ስደተኛታት፣ ጽግዕተኛታት፣ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም፣ ስንክልና ዘለዎም፣ LGBTQIA2+፣ ሽማግለታት፣ ኣባፅሕ፣ መናእሰይ፣ ህጻናት፣ ኣናእሽተይ ንግዲታትን/ወይ ካልኦት ዘይተገለጹን የሳትፍ።
- እቲ ፕሮጀክት ነቲ ዝሳትፎ ነፍሲ-ወከፍ ሕብረተሰብ ዉጽኢታዊ ዝኮኑ ሜላታት ክጥቀም እዩ
- እቲ ፕሮጀክት ነቶም ዝጸልዎም ማሕበረሰብ ኣብ ምንዳፍን ምትግባርን እቲ ፕሮጀክት የሳትፍ

**C)** ፍትሓዊ ዝኮነ ናይ ሕብረተሰብ ጥቕምታት ምዉሳኽ፦ ብታሪኽን ኣብዚ ሐዚ እዋንን ናይ ዝተገለሉ ሕብረተሰባት ናይ ጉሓፍ ምክልካል ጥቕሚታት ንምዕባይ ናይቲ ፕሮጀክት ዓቕሚ።

- እቲ ፕሮጀክት ከም ናይ ገዛ ስእነት ወይ ናይ ምግቢ ሽግር ንዘለዎም መብዛሕትኦም ሰባት ክጠቅም እዩ።
- ዝተለለዩ ጥቕሚታት ንዝተጎድኡ ሕብረተሰባት ጠቃሚ ይኮኑ ንኣብነት፦ ነጻ ወይ ብትሑት ዋጋ ኣቕርቦት ምሃብ ወይ ስልጠና ስራሕ ምሃብ

## መስርሕ ምምልካት

### መደብ

| | |
|---|---|
| መመልከቲ ዝርከበሉ ዕለት | ምመጋቢት 24/2023 |
| ሓበሬታ ናይ ውሳኔ | ክሳብ ፍርቂ ግንቦት |
| ስምምዓት ምስቶም ብከተማ ዝተፈረመሎም **(**ፕሮጀክታት ክጅምሩ ይኽእሉ**)** | ሓምለ 2023 |
| ዝተወደአ ከምኡ`ውን ቅብሊት ፋክቱር ዝተገበረሉ ስራሕ | ክሳብ ሰነ 30, 2025 |

### መድረኻት ምምልካት፡

**መድረኽ 1፡** ቅድሚ መመልከቲታትካ ምምልእካ፡ ነቶም መምርሒታት ኣንብቦም ከምኡ`ውን ነቲ ቪድዮ መምርሒ ሓገዝ ርኣዮ።

**መድረኽ 2፡** ንዓና ፕሮጀክትኹም ብቑዕ ከምዝኾነ ከተረጋግጹ ከምኡ`ውን ምኽርታት ፕሮጀክት ንክትረኽቡ ተወከሱና። WasteFreeGrants@seattle.gov ወይ (206) 615-1405

**መድረኽ 3፡** ነቲ ዝሕተም ወይ ቪድዮ መመልከቲ ምልኣዮ **(**ክልቲኦም ኣይትምልኣዮ**)**

- ዝሕተም መመልከቲ ግድን ካብ 10 ገጻት ክሓልፍ የብሉን።
- መመልከቲ ቪድዮ ግድን ካብ 15 ደቓይቕ ክሓልፍ የብሉን።
- መመልከቲታት በቲ ንስኻ ዝያዳ እትመርጾ ቋንቋ ክቐርቡ ይኽእሉ ኢዮም። SPU **(**ህዝባዊ ተጠቃምነት ማይ፡ መብራህቲ...ወዘተ ሲያትል**)** ትርጎማን/ምስቱርጓምን ከቕርብ ኢዩ።

**መድረኽ 4፡** ናይ ረድኤት መመልከቲካን ሓገዝቲ ሰነዳትካ ኣብ መጋቢት 24፣ 2023 ክሳብ 5:00 pm ኣቕርብ። ደዉል ናብ'ዚ (206) 615-1405 ማለት እንድሕር ከምዝበጽሐ ዘረጋግጽ ኢመይል ኣብ ውሽጢ 2 ናይ ስራሕ መዓልታት እንተዘይመጽዩ።

## ሓገዝ ናይ ቋንቋ

ንሓገዝ ኣብዞም ዝስዕቡ ቋንቋታት፡ ንመሻርኽትና ዝኾኑ ECOSS (Environmental Coalition of South Seattle)ኣብ emak@ecoss.org ወይ (206) 767-0432 ርኸቦም።

ንመመልከትታኢ ረድኤት ናይ ቋንቋ ሓገዝ ንምሃብ SPU ንECOSS ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይገብር።

- ኣምሓርኛ
- ካንቶኒኛ
- ማንዳሪን
- ቋንቋ
- ሶማል
- እስጳንኛ
- ትግርኛ
- ቋንቋ ቬትናም